# ሕቶ ንሳልሕ ጆሃር

## ካብ ጌታቸው ረዳ (ኢትዮ ሰማይ)

ኣብ ዴንቨር ከይድካ ንህዝቢ ዝገበርካዮ መደረ ንዝሃብኩዎ መልሲ ብመልክዕ ቪዲዮ ዝመለስካለይ መልሲ ኣመልኪተ ካልእ መልሲ ክህበካ እየ። እዚ መልሲ ኣይኮነን፡ እዛ ደብዳበ እዚኣ ግን ሕቶ እያ። “ገመል እንታይ ተጻዒንኪ? ሽመል! እንታይ ድኣ ነነይ ትብሊ? ኣመል።” ከይኾን ‘ከም’ቲ ኣብ ቪዲዮኻ ዝሃብካዮ ዘይተሓተትካዮ መልሲ ‘ኣብዚ እውን እንደገና ካልእ ”ዓጀውጀው” ከይትህብ ግና እንደገና ሰግኣት ኣለኒ’ምበር እዚኣ ሕቶ ጥራሕ እያ።

ኩቡር ኣቶ ሳልሕ ሓደ ነገር ኣዘኪርካኒ፡ “ዝተብሃለቶ ገዲፋስ ዘይተብሃለቶ” ዝባሃል ናይ ቀዳሞት ብሂል ኣሎ። ናዓይ መልሲ ኢልካ ብቪዲዮ (ኣብ መርበብ ሓበሬታ ‘ዩ ቱብ፤ ኣብ ዓይጋ፤ኣብ ዓዋተ.ካም) ዝዘርጋሕካዮ “ኣጀውጀው” ርኤዮ። ሓንቲ ጥር ትብል መልሲ ኣይሃብካን። ‘ዱር’ (ገረብ) ካብ ፍርሓት እምበር ካብ ሞት ነይትኽልክለካ” ይባሃል። ኣብ ቪዲዮ ስለዝዘርካሕካዮ ናይ ጉቡእ መልሲ መድሕን ክኾነካ ኣይከእልን እዩ። ብጹሕ ዝሃብኩዎ ብጹሑፍ ከይትህብ ንምንታይ ከምዘይደለኻን (ብቪዲዮ መልሲ ምሃብካ ቡዙሕ’ውን ዘገድስ ኣይከኸውንን)፡ ቀንዲ ዘገደሰኒ ግና ነቲ “ዘዋናጃበርካዮ ሰማዓይ ህዝቢ” ብናትካ ‘ሓበሬታ ንከይጋገ’ ዝብል ስግኣት ኣለኒ። ስለዚ’ውን እየ ‘እቲ ናተይ ጹሑፍ’ ምስ መርበብ ሓበሬታ ‘ቶጎሩባ’ ብሓባር ኣብ ሓደ ኢመይል ዝሰደድኩልካ፡ ኰይኑ ግና፤ <u>ህዝቢ ከየንብቦ ንምንታይ</u> ከምዝሰጋእካ ዝበለጸ ገሪሙኒ። ስለምንታይ ናተይ ጸሁፍ ኣብ ዓዋተ መርበብ ሓበሬታ ዘይለጠፍካዮ? ኢለ እሓተካ’ኣለኹ።

እቲ ንሱኹም ‘ኤርትራውያን’ ብሓውሲ ቋንቋ ዓረብን ትግርኛን <u>“ዘረባ ወዲ ሹቕ”</u> ትብሉዎ ንሕና ‘ኢትዮጵያውያን’ ድማ ሓውሲ ትግርኛን ሓውሲ ጥልያንን ገይርና <u>“ወዲ ፒያሳ”</u> ወይድማ <u>“የመርካቶ ልጅ”</u> ዝባሃል ‘ዘረባ ወዲሹቕ’ ዝዓይነቱ “ዓጀውጀው-መልሲኻ” ነቲ ብጽሑፍ ዝሃብኩኻ መልሲ ኣይመጠኖን። ብዛዕቡኡ ኣብ ካልእ ጹሑፍ ስለዝመልሶ ኣነ ሕዚ ኣብዚኣ ክሓተካ ዝደለኹ ግና <u>ናተይ ጹሑፍ ዝሰደድኩልካ</u> ኣብ <u>“ዓዋተ.ካም”</u> ንክልጠፍ እሞ ሕዝቢ ከንብቦ እምበር ንስኻ ከምድላይካ ‘ክትጎስዮ’ ኣይሰደድኩልካን። ንስኻ ከይልጠፍ ዝኣገድካዮ ናተይ መልሲ “ኣዳለውቲ መርበብ ሓበሬታ ቶጎሩባ” ህዝቢ ምእንታን ‘ናተይን ናትካን ክትዕ ኢጋናዚቡ’ ሙሉእ መረዳእታ ንክህልዎ ኢሎም ክልጠፍ ገይሮም እዮም። ብዙሕ የመስግኖም!!! ናባኻ ዝሰደድኩልካ ምኽንያት ኣብ መርበብካ ንክትልጥፎ እሞ ሕዝቢ ናቱ

መርገጽ ክወስድ ብዝብል እምበር ንስኻ ንበይንኻ ብውልቂ ንክትዕንድሮሉን ክትጎስዮን ኢለ ዝሰደድኩልካ ጽሑፍ ኣይኮነን።

ኢመይለካ እንተዳአ ተመሊስካ ርኢኻዮ ዝሰደድኩልካ ንበይንኻ ከይኮነስ ምስ ቶጎሩባ ብሓበር እየ ሰዲደልኩም። የቐንዮም "ቶጎሩባ" ከምታዘላታ ንሕዝቢ ለጢፎሙዋ። ንስኻ ግና ምኽንያቱ ኣነ ብዘይፈልጦ ምኽንያት እንዳ ወየንቲ "መርበብ ሓበሬታ ዓይጋ" ስልኪ ደዊልካ "ዓጀውጀው ዘረባ ወዲ ሹቕካ ንክልጥፉልካ ሓቲትካዮም፤ ንሰም ድማ "እታ ቪዲዮኻ ለጢፎሙልካ"። ከምቲ ስርዓቱ ግን ናተይ ኣብዘይተለጠፈሉ ቦታ መልሲ ክንልጥፍ ጉቡእ ኣይኮነን ኢሎም ክመልሱልካ ነይሩዎም (ኣብ እትልጥፈሉ ቦታ ስኢንካ እንተትነብር ይርዳአኒ እዩ ግና ኣያሳኣንካን ይመስለኒ)። ግና መጋበሪያ ፖለቲካ ወያነ ማእከላት ዜናታት ግና 'ናተይን ርክብ ወይንቲን' ሓርፋፍ ሙኻኑ ስለዝፍለጡ ቁም ነገር እንተረኺብናሉ ኢሎም ለጢፎሙልካ። 'ገዛ ጸቢቡኒ እንተበልኩስ ኣድጊ ሒዘሙለይ ይመጹ' ከምዝባሃል፤ ቁምነገር ዘይራኣየሉ መርበብ ሓበሬታ ዓይጋ መሊስካ መጻበቢ ሰዲድካሎም።ጥጡቕኻ ካብ ጣዓሞም ኣነ እንታይ ግደይ! ሓቢርኩም ተላቐሙዎ።

ብሓቂ ኣግሪምካለይ ኣለኻ። ጹሑፈይ ኣብ ዘይለጠፍኩዎ ቦታ ምልጣፍ እንታይ ኣምጸኦ? ንስኻ ብኢመይል ናተይ ጹሑፍ መልሲ ንክትህብ ንክጥዕመካ "Where else was it posted?" ኢልካ ብኢመይል ሓቲትካኒ? ኣነ ድማ ለባም መሲልካኒ "ኣብ ቶጎሬባ' ኢለ መሊሰልካ። ወዲያቱ ድማ ኣብቲ ዝሓበርኩኻ ገዲፍካ ናብ ገዛ ወይንቲ ማዕጾ ኳሕኺሕካ "በይጃኹም እዚኣ ለጥፉለይ" ኢልካ ለሚንካ ኣለጠፊካያ ። ንሱስ ኣይነጸገመን፡ ዝጽግም ግና እቲ ናተይ ጹሑፍ ኣብ ናትካ መርበብ ሓበሬታ ንምንታይ ከይልጠፍ ዓጊትካዮ?

መንበብቲ ብዓይኖም ከንብቡዎን ክማራመሩሉን ኣጊድካ፤ ኣነ ዘይጽሓፍኩዎን ዘይበልኩዎ ዘረባታት እንዳጋገኻ ሰማዕቲ ክተዳናግር ፈቲንካ? መልሲ ክሳብ ዝህበካ ግና ነዘን ዝሓተትኩኻ ጥራሕ መልስ። እንተኾነ ካብ የጥዕመለይ ኢልካ ዘይተጽሒፈ እንዳማሃዝካ ምዝራብ የኽፋኣለይ ኢልካ ምሕዳጉ እዩ እቲ ዝበለጸ ነይሩ። "ካብ እተዕርፊ ዒባ ጠፍጥፊ" እንተዳኣኮይኑ ግና ያው መልሰይ ተጸበ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣነን ንስኻን በስጋ ዝምድና ከም ዝታኣሳሰርና ስለዝፈልጥ 'ሓረግ እንተመዘዙ ኣግራብ ይዋዛወዙ' እዩ'ሞ ብዙሕ ክተርር ኣይደለኹን። እዚ ንስኻ'ውን ትፈልጥ ኢኻ- ዝብል ግምት ኣለኒ። ምኽንያቱ ድማ ቅድሚ 3 ወይ ኣርባዕተ ዓመት ብኢመይል ኣነን ንስኻን ብዛዕባ ኣስላም ኤርትራን ክስታንን (ንስኻ ተዋህዶ እትብሎም ክፍልታት) ምምሕዳር ኢሳያስ ኣፈወርቂን ብዝምልከት "ከርከባ" ገጢምና ኣወኪሰልካ ምንባረይ እዝክር። ብተንኮል ግና ሽለል ኢልካዮ፤ሕቶ'ውን ኣይሓተትካንን (ኣስላምን ክስታንን ተጋሩን ደቂ ኽረንን ብምንታይ የዋስበና ኢልካ'ውን ትኸውን፤ እንድዒ (ኣይ ዱ ኖት ኖው!) ከምቲ ንስኻ ኣብ'ቲ ቪዲዮኻ ብዛዕባይ ዓጀውጀው ዝበልካዮ (ትግራዋይነተይ ዝተጣራጠርካዮን ከምኡውን ብዘስደምም ጠቓነ 'ኢሕኣፓ ዘይኮንኩ"

ኢሕኣፓ እዩ ኢልካ እትምህዞ በጎጉታን ኣብ ተሪር ምቁንጻብ ኣነ'ውን ከቋናጸበካ ድልየት የብለይን። ምኽንያቱ ድማ ንሓዋሩ ምፍላጥና ስለይዘይተርፍን 'ስድራታት ከይቃሓሐሩ' ጉቡእ መልሲ ጥራሕ ክህበካ እየ ዝብል ትምኒት አለኒ። ንስኻ **"ኣነ እንተዳኣ ምንካስ ጀሚረ አዐርየ ሓያል ንክሲት እየ ዝነክስ' ኢልካ ከትድህለኒ ፈቲንካ**፡ ኣነ 'ፒኤፈዲጀዊት' (ህግደፋዊት) "ሶፍያ ተስፋማርያም" ኣይኮንኩን ፤ አነ ተራ ድኻ ሱደድ ኢትዮጵያዊ ዜጋ እየ፤ **'ዝንከስ የብለይ፤ ዝነኽሶ የብለይ፤ መንከሲ የብለይ፤ መኸሰሲ የብለይ!'**። ቀዳሞት ተጋሩ ወለድና 'ካብ መሕጸቢ ሳሙና ካብ ግብሪ ድማ ትሕትና ዝመስሉዎ የለን' ይብሉ።

ወዳሓንካ

ጌታቸው ረዳ (ኢትዮ ሰማይ)